# ፖለቲካዊ መደብ ዕዮ
# ሰውራዊ ዲሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ (ሰደግኤ)

**መእተዊ፡-**

ኤርትራ ሃገርና ኣብ ስትራተጂያዊ ከባቢ ቀርኒ ኣፍሪቃ እትርከብ፡ ካብ ራስ-ዱመራ ክሳብ ራስ-ቁሳር ዝተዘርግሐ ናይ ከባቢ 1000 ኪ.ሜ ገምገም ባሕርን ብርክት ዝበላ ደሴታት(ደሴታት-ዳህላክ) እትውንን ሃገር እያ። ሃገርና 124,320 ት.ኪ.ሜትር ስፍሓት ዘለዋ፡ ኣብ ውሽጣ ዝተፈላለዩ ብሄራውን ብሄረ-ሰባውን መንነት ዘለዎም ዝተፈላለዩ ሃይማኖታት ዝኣምኑ ከባቢ 4.5 ሚልዮን በዝሒ ህዝቢ ዘለዋ ነጻ ሃገር እያ።

ኤርትራ ሃገርና ነጻ ሃገር ካብ ትኸውን እነሆ መበል 19 ዓመታ ትደፍን ኣላ። ሃገራዊ ነጻነት ኤርትራ፡ ውጽኢት ናይ 20 ዓመታት ሰላማዊ ፖሎቲካዊ ቃልስን 30 ዓመታት መሪር ብረታዊ ተጋድሎን እዩ፡፡ ኣብ'ዚ ናይ 50 ዓመታት መሪር፡ ሰላማውን ዕጥቃውን ተጋድሎ፡ ህዝብታት ኤርትራ ኩነታቶም ዘፍቅደሎም ቃልሲ ብምክያዶም ዝተጎናጸፍናዮ ናይ መላእ ህዝብታትና ዓወት ምዃኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ሃገራዊ ነጻነትና ዋጋ ብዓሰርተታት ኣሽሓት ዝቑጸሩ ሰማእታት፡ ልዕሊኡ ዝኾኑ ጀጋኑ ኣካለ-ስንኩላን ማእለያ ዘይብሉ ዕንወት ጥሪትን ሃብትን ህዝብታት ኤርትራ እዩ፡፡ ስለዚ ድማ ብዘይ ጥርጥር ክኒኡ ክንሓስብ እንክሎና፡ ነዚ ዓወት'ዚ ብምዕቃብን ብምድልዳልን እዩ።

እዞም ብብሄራዊ ኣከዋውንኦም ዝተፈላለዩ፡ ነናቶም ሃይማኖታዊ እምነታት ዘለዎም ህዝብታት ኤርትራ፡ ኣብ ሓደ መስርዕ ተሰሊፎም ኣዝዩ ክቡር ዋጋ መስዋእቲ ክኸፍሉ እንክሎዉ፡ ኣብ ቅድሚኦም ዘቐመጡዎም ረብሓታት ምንባሮም ዘተሓታትት ኣይነበረን። ኣይኮነን ድማ፡፡

ህዝብታትና ድሕሪ ምድምሳስ ባዕዳዊ መግዛእቲ ኢትዮጵያ፡ ኣብ ነጻ ሃገሮም ከም ዜጋታት ክብሮም ተሓልዩሎም ክነብሩ፡ መሰሎምን ማዕርነቶምን ተኸቢሩሎም ኣብ ፖሎቲካዊ ስልጣን ሃገር ምዕሩይ ተሳትፎ ክህልዎም ብምትምናይ ነበረ፡፡ ካብ ናይ ነዊሕ እዋን ሕሰም ባዕዳዊ መግዛእቲ ተገላጊሎም፡ ሰብኣውን ዲሞክራስያውን መሰላቶም ተኸቢሩ፡ ብዘይ ሽለብ ገለብ ክነብሩ ብምትስፋው እዩ። ተበራሪይቲ ባዕዳውያን ገዛእትን ዝተናውሐን ዝመረረን ብረታዊ ተጋድሎና ዘውረደሎም ዓሚቝ ቁጠባዊ ሰሎሎ ብምሕዋይ፡ ደረጃ ብደረጃ ካብ ድኽነት ዝወጹሉ፡ ብመንገዲ ማሕበረ-ቁጠባዊ ምዕባለ ዝምርሸሉ ኩነታት ንምፍጣር ነበረ፡፡ ህዝብታት ኤርትራ ምእንቲ ሃገራዊ ነጻነት ኢድ ንኢድ ተታሓሒዞም ክጋደሉን ክስውኡን እንክሎዉ፡ ብዙሕነቶም ዘኽበረ፡ ኣብ ፖሎቲካውን፡ ማሕበረ-ቁጠባውን ሂወቶም ምዕሩይ ተሳትፎ ክህልዎም እዩ ዝነበረ። ብሄራትናን ብሄረሰባትናን ኣብ ነጻ ኤርትራ ብቋንቋኦም፡ ባህሎምን ታሪኾምን ክኾርዑን፡ ኣብ ከባቢኦም፡ ባዕሎም ንባዕሎም ከመሓድሩን፡ ማሕበረ-ቁጠባዊ ሂወቶም ከማዕብሉን እዩ፡፡ ህዝብታት ኤርትራ ድሕሪ ሃገራዊ ነጻነቶም ምስ ጎረባብቶምን ማሕበረ-ሰብ ዓለምን ኣብ ማዕርነትን ምክብባርን ዝተመስረተ ሓባራዊ መነባብሮ ክህልዎም ብምትምናይ እዩ፡፡ ምእንቲ'ዚ ድማ ኩሎም ክፋላት ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ፡ ብዘይ ናይ ብሄር፣ ሃይማኖት፣ ከባቢ፣ ጾታን ዕድመን ኣፈላላይ፡ ብዕቱብነትን ጅግንነትን ተጋዲሎም'ዮም ኣኸሊል ሃገራዊ ነጻነቶም ዝተጎናጸፉ።

እንተኾነ ግን ድልየትን ተስፋን ህዝብታት ኤርትራን፡ ዕላማን ድልየትን መሪሕነት ህግደፍን በበይኑ ኮነ፡፡ ካብ ማህጸን ህዝብታት ኤርትራ ዝተወልደ፡ ኣብ ሕቑፎም ማሚቑ ዝዓበየ፡ ኣብ ሕቖኦም ተሰቂሉ ኮረቻ ስልጣን ዝዓተረ ውሱን ትምክሕታዊ ጉጅለ ኢሳይያስ፡ ብሓደ ወገን ዘይትግበሩ መብጻዓታት፡ በቲ ካልእ ወገን ድማ ጨካንን ኣዝዩ ኣስካሕካሕን ግፍዕታት እናፈጸመ እዩ፡ ፖሎቲካዊ ስልጣኑ ዘደልደለ።

ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ዓሚቝ ፍቕርን ግሩህ ድልየታትን ህዝብታት ኤርትራ ብምምዝማዝ፡ ብሓደ ወገን ጊዜ ክሽምት ዕድል ክወሃቦ መምሰላይ ሕቶታት እናቕረበ፡ በቲ ካልእ ወገን ድማ ስለላውን ወታደራውን ዓቕምታቱ እናደልደለ፡ ክቃወሙኒ እዮም ንዝብሎም ውድባትን ኣገደስቲ ውልቀሰባትን ናይ ምቕንጻልን ምርዓድን ተግባራት ብሰፊሑ ኣካየደ። ምቛም ቅዋማዊ ሕብረ ሰልፋዊ ስርዓትን ንጊዜ መሸመቲ ዝቐርቡ ናይ ምድንጋር ሜላታት'ምበር ግብራዊ መርሆታቱ ከምዘይኮኑ ንምግንዛብ ዓመታት ዝወሰደ ኣይኮነን። ስለዝኾነ ድማ ኤርትራ ካብ ዓለምና፡ ሓንቲ ካብተን ብቕዋም ዘይምርሓን ሕብረ-ሰልፋዊ ስርዓት ዘይተተኽለለን፡ ሓደ ገባርን ሓዳግን ውልቀ ሰብን ውሱን ጉጅልኡን ንሃገርን ህዝብን ሰጥ ለበጥ ኣቢሉ ርእሱ ኣድኒኑ ብፍጹም ጸረ ዲሞክራስያዊ ኣገባብ ዝገዝኣላ ሃገር ኮይና ኣላ፡፡

ኤርትራ ሃገርና ናይ ዜጋታት ሰብኣውን ዲሞክራስያውን መሰላት ተዓፊኑ፡ ናይ ድሕንነት፣ ጸጥታን ወታደራውያን ሓለፍትን፡ ንሰባት ብዘይ ፍቓድ ቤት-ፍርዲ፡ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዘብልዩላ፡ ኣእምሮኣውን ጉልበታውን ዕዮ ዜጋታት ብዘይ ክፍሊት ከም ጊላ ዝምዝመዘላ፡ ነጻ ቤት-ፍርዲ ዝበሃል ንሽሙ ዘይብላ፡ ፍትሒ ከም ሕሱም ዝተጨፍለቐላ ሃገር እያ፡፡ ለይትን ቀትርን እናተጨውዩን እናተጎተቱን ዝእሰሩ ወገናት ንዓመታት ብዘይሓታቲ ዕድሚኦም ዘብልዩላ፡ ኣብ ጎዳጉድን ኮንተይነራትን ሂወቶም ዝስእኑላ፡ ብዘይንቡር ቀብሪ ኣብ ጋህስታት ዝጓሓፉላ ሃገር እያ።

ኣብ ትሕቲ ስርዓት ህግደፍ፡ ምርጫ ናይ ከባብን ሃገርን ኣማሓደርቲ ዝበሃል ሕርሚ እዩ። ብርእሰ-ፋሽስቲ ኢሳይያስ ናይ ቀረባ ዕሱባቱን ዝተመዘዙ ሹመኛታት ህዝቢ ዘሰክሑ ጉቦኛታት፡ መተግበርቲ ኣዋጃትን መምርሒታት እቲ ስርዓት ብምዃን መንእሰያት ብምእሳርን ነቲ ስርዓት ኣሕሊፍካ ብምርካብ፡ ብኣውያትን መርገምን ወለዲ ዝሻድኑ ግፍዐኛታት

እዮም፡፡ ድልየታትን ረብሓታት እቲ ስርዓት ክሳብ ዘማልኡ፡ ኣብ ህዝቢ ዘለዎም ተቐባልነት ብዘየገድስ ኣብ ስልጣኖም ነበርትን ንተወሳኺ ስልጣን ዝሕጸዩን እዮም።

ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ካብ ጽባሕ ሓርነት ጀሚሩ፡ ህልውና ብሄራትን ብሄረሰባትን ብእዉጅ ዝሸሓደ እዩ፡፡ ነዚ ዘተግብር ሓድሽ ዞባዊ ስርዓተ ምምሕዳር ብምትእትታው፡ ኣብ ፖ'ሎቲካዊ፣ ቁጠባዊ ይኹን ምምሕዳራዊ መዳይ ሕቶ ማዕርነታዊ ተሳትፎኦም መሊኡ ተጋሀሰ። ቋንቋኦምን ባህሎምን ካብ ናይ ሙዚቃን ተዋስኦን ዓውድታት ዘይሓለፈ፡ ኣብ ሂወቶም ትርጉም ዘይብሉ ክኸውን ተገይሩ ኣሎ፡፡ ካብ'ዚ ዝኸፍአ ከኣ ማሕበረ ቁጠባዊ ሂወቶም ዝተሰረተሉ ዓውዲ ቁጠባ ብመንግስቲ እናተመንጠለ፡ ከም ዜጋታት ህልውናኦም ኣብ ሓደጋ ክወድቕ ዝኾነሉ ኩነታት ተፈጢረ። ዞባዊ ስርዓተ ምምሕዳር፡ ብሄራዊ ህልውና ህዝብታት ኤርትራ ኣብ ሓደጋ ዘውደቐ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ኣብ መንጎ'ቶም ንዘበናት ተኸባቢሮም ዝነበሩ ኣውራጃታት፡ ኮነ ኢሉ ሕድሕድ ምትእምማን ንምጥፋእ ኣውራጃውን ከባብያውን ፍልልያት ብምስዋር ነቓዓት እናፈጠረ ሕድሕዶም ከመናጭቶም ጸኒሑ ኣሎ፡፡ ኣብ በበይኑ እዋናት፡ ንኣመንትን መራሕትን ሃይማኖታት እናኣሰረን እናሰወረን ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ኣመንቲ ሃይማኖታት ዝምድናታቶም ከላሕልሕ ጸኒሑ ኣሎ፡፡

ቁጠባዊ ሂወት ህዝብታትና ካብ እዋን ናብ እዋን እናንቆልቆለ ብሰንኪ ጥሜትን ዓጸቦን ንሞትን ልማኖን ዝተቓልዑሉ ብሓደ ወገን፡ ውሑዳት ሰበ-ስልጣናትን ሓለፍቲ ሰራዊትን ሃብቲ ሃገር እናዘረፉ ጊላዊ ዕዮ መንእሰያት እናተጠቐሙ፡ ሰብ ገዚፍ ርእሰማል ዝኾኑሉ ድማ በቲ ካልእ ወገን፡ ዘይተመጣጠነ ደረጃ መነባብሮ እናተፈጠረ መጺኡ እዩ። ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ዓበይትን ናእሽቱን ናይ ንግዲ ትካላት፣ ኢንዱስትሪታት፣ ፋብሪካታት፣ ህንጻዊ ስራሓት፣ ናይ ወጻእን ኣታውን ንግዲ ኣብ ትሕቲኡ ገቢቱ፡ ሰብ ሃብቲ ኤርትራውያን ዕዳን ዕንድዳን ኮይኖም ዛንዛን ኢሎም ክኸስሩ ዝገበረ እዩ፡፡ ሰብ ሃብቲ ርእሰማላውያን ኣብ ሃገሮም ኣብ ትሕቲ ሕግን ስርዓትን ገንዘቦም ኣፍሲሶም ንባዕሎም ተጠቒሞም ሃገሮምን ህዝቦም ዝጠቕሙሉ ዕድላት ዕጹው እዩ። ዝተፈላለዩ ናይ ዓድታት ልሙዓት መሬታት፡ ሰፋሕቲ ጎላጉል ሕርሻታት፡ ኣብ ኢድ መንግስትን ናይ ስርሒታት ሓለፍትን ተገቢቶም፡ ብጊላዊ ዕዮ መንእሰያትን ኣባላት ሃገራዊ ኣገልግሎትን ክስርሑ ይግበር፡፡ ብዘይ ዝኾነ ይኹን ረሲት፡ ዜጋታት ንመሕወዪ ግብሪ ብዝብል ካብ እቶቶም 2%(ክልተ ካብ ሚኢቲ) ዝኸፍሉዎን፡ ብዝተፈላለዩ ኣስማት ዝግለጹ ኣበርክቶታት ዝኣትው ገንዘብ ዜጋታትና፡ ካዝና ህግደፍን ኢሳይያስን መምልኢ ጥራሕ ዝኾነሉ እዋን እዩ፡፡ ስለዝኾነ ድማ ሃገርና እትምራሓሉ ንጹር ናይ ቁጠባ ስትራተጂ ዘይብላ፡ ምስ ህልውና ፖ'ሎቲካዊ ስልጣን ኢሳይያስን ጉጅለኡን ዝተታሓሓዘ ብኮንትሮባንድ፣ ዘረፋን ጊላዊ ዕዮን ዜጋታት ዝውህለል ስርዓተ ቁጠባ እዩ፡፡

*መሬት ናይ መንግስቲ እዩ ብዝብል ኣዋጅ፡ ሓረስታይ ሃገርና ናይ መሬት ውሕስነት ስኢኑ ናይ ፍርያቱ ተጠቃሚ ዘይኮነሉ፡ እቶቱ ብዝመሰሎ መንገዲ ከመሓድር ዘይክእለሉ፡ ናብርኡ ካብ ኢድ ናብ ኣፍ ዝኾነ ሂወት የሕልፍ ኣሎ።፡ ሕሉፍ ሓሊፉ ብዘይ ፍቶቱን ብኣስገዳድን ካብ መረበቱ እናተፈናቐለ ናብ ካልኦት ከባቢታት ክጓረትን፡ ኣድለይቲ ቀረባት ስኢኑ ንሞትን ሕማማትን ከምኡ'ውን ዓዱ ገዲፉ ክስደድን ይኸውን ኣሎ።*

*ሸቃላይ(ሰራሕተኛ) ሃገርና ናይ ስራሕን ደመወዝን ውሕስነት ዝበሃል የብሉን፡፡ ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ካብ ስርሑ እናተጸልጸለ ምስ ቤተ-ሰቡ ኣብ ከቢድ ናይ መነባብሮ ሽግር ይወድቕ፡፡ ተሚጊቱ ከስምዕ ይኹን ክረትዕ ዝበሃል ዘይሕሰብ እዩ። ካብ ስርሑ ተፈናቒሉ ብዘይ ክፍሊት ኣብ ሃገራዊ ኣገልግሎትን ጊላዊ ዕዮን ክጽመድ እዩ ዝግደድ። ብሽሙ ዝቖመት ሃገራዊ ማሕበር ሰራሕተኛታት ኤርትራ፡ ቀንዲ ወይጦን ኣገልጋሊት ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ኮይና፡ ዘሰቕቕ ሕሰማት ሰራሕተኛታት ኤርትራውያን ከይቃላዕ እትከላኸል፡ ብሂወት ሰራሕተኛታት እትጣላዕ ኮይና ኣላ።*

*ሙሁራት ኤርትራውያን ብነጻ ሓንጎል ኣጽኒዖም ተመራርሚሮም ኣብ ምዕባለ ሳይንስን ተክኖሎጅን ኣወንታዊ ተርኦም ከይጻወቱ ቅዩዳት እዩም፡፡ መንእሰያት ኤርትራውያን ተማሂሮም ነብሶም ኣማዕቢሎም መጻኢ ዕድል ሃገሮም ብሩህ ክኸውን ኣብ ምግባር ተርኦም ከይጻወቱ፡ ብሽም ሃገራዊ ኣገልግሎትን ጊላዊ ዕዮን ኣብ በረኻታትን ጎቦታትን ከርተት ክብሉ ተፈሪዶም ኣለዉ። እታ ዝርካባ ሓንቲ ዩኒቨርስቲ ኣስመራ፡ መፍረይት ሙሁራንን ደለይቲ ለውጥን ምዃና ዝተገንዘበ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ክትዕጾ ፈሪዱ፡ መተካእታኣ ብወታደራዊ መኮንናት ዝመሓደራ፡ ኣብ ሕድሕደን ዝኾነ ይኹን ምትእስሳርን ኣካዳሚያዊ ነጻነትን ዘይብለን ኮሌጃት ተኪኡወን ኣሎ፡፡ ኣብዚኣን ዝመሃር ውሑድ ናይ ላዕለዋይ ደረጃ ተማሃራይ ድማ ብወታደራዊ ሕግን ስነ-ስርዓትን ዝተቐየደ፡ መጻኢኡ ትስፉው ዘይኮነ፡ ትምህርቱ ምስ ወድአ ከመይ ገይሩ ሂወቱ ከምዘውጽእ ጥራሕ ዝሓስብ ተስፍኡ ክጽልምት፡ ንያቱ ክዓርብ ይኸውን ኣሎ። በዚ ኣንፈት'ዚ ዝዓበየ ተመሃራይ ድማ ኣብ ምዕባለ ሃገር ኣወንታዊ ተራ ክህልዎ እዩ ኢልካ ዝሕሰብ ኣይኮነን። ስለዝኾነ'ውን እቲ ሞተር ናይ ለውጢ ዝኾነ መንእሰይ ኤርትራ ገሊኡ ኣብ ጸቢብ ሓጹር ውትድርናን ጊላዊ ዕዮን ተጸሚዱ፡ ገሊኡ ድማ ሃጽ ኢሉ ናብ ስደት ይውሕጅ ምህላዉ፡ መጻኢ ዕድል ሃገርናን ህዝብታትናን ኣዝዩ ዘሰክፍ ኮይኑ ምህላዉ ዘመላኽት እዩ፡፡*

*ፍርቂ ኣካል ሕብረተ-ሰብና ዝኾናን ኣብ ነጻነታዊ ተጋድሎና ተኣምር ዝሰርሓ ደቂ ኣንስትዮ ሃገርና፡ ኩሉ ትጽቢታተን ተጠሊሙ፡ ኣብ ከቢድ ማሕበራዊ ሽግር ወዲቐን ብሓደ ወገን፡ ኣቦታትን ናበይትን ዘይብሎም ህጻውንትን ዓበይቲ ሽማግለታትን ጠወርቲ ክኾና ይግደዳ ኣሎዋ፡፡ በቲ ካልእ ወገን ድማ ብሽም ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣብ ሳዋ ወሪደን መርወዪ ጾታዊ ድልየታት መኮንናትን ሓለፍትን ክኾናን ብኤች ኣይቪ ኤድስን ዘይተደለየ ጥንስን ሕርስን ንነባሪ ሕማምን ሞትን ክቃልዓ፡ በዚ ግፍዕታት ዘንጸርጸራ ድማ ፎቖዶ ስደት ፋሕ ጭንግራሕ ክብላ ተፈሪደን ኣሎዋ፡፡ እታ ብሽመን ቆይማ ዘላ ሃገራዊ ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ድማ፡ ኣገልጋሊት ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ኮይና፡ ሕሰመ መከርአን እትኽውል ወይጦ ማሕበር እያ።*

ህዝብታት ኤርትራ፡ ኣብ ትሕቲ ስርዓት ኢሳይያስ ክብረታቶም ተባሕጕጉ እዩ፡፡ ማሕበራዊ ዝምድናታትን ክቡራት ባህልታትን ህዝብታትና ተበሪዞም ሰፊሕ ብልሽውና ተኣታትዩ፡ ስርቂ ምጥፍፋእ፡ ሓሶት፡ መምሰላይነትን ናይ ስነ-ምግባር

ጉድለታት ሳዕሪሩ፡ ሃገር ዕዋላታት ዝሻደኑላ ኮይና ኣላ፡፡ በብእዋኑ እናዓሞቐ ብዝመጸ ማሕበረ ቁጠባዊ ድኽነት፡ ልማኖ፣ ናይ ስድራታት ምዝንባልን፡ ናይ ኣመንዝራነት ምስፍሕፋሕን እናተራእየ ይኸይድ ኣሎ።

ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ምስ ጎረባብቲ ሃገራት በብእብረ ዝወልዖ ውግኣትን ወራርን፡ ህዝብታት ኤርትራ፡ ኣብ እዋን ብረታዊ ተጋድሎና ካብ ጎረባብትን ማሕበረ-ሰብ ዓለምን ዝረኸቡዎ ጽቡቕ ሽም እናተሸርሸረ፡ ዘይተኣማንነት፣ ጥርጣረን ተነጽሎትን እናዓሞቐ ክኸይድ ዝገበረን ሕጂ'ውን ዝገብር ዘሎ እዩ። ህዝብታት ኤርትራ፡ ብደም፣ ታሪኽ፣ ባህልን መውስቦን ምትእስሳር ምስ ዘሎዎም ጎረባብቲ ህዝብታት ከይራኸቡ ብምንጻል፡ ብቐሊሉ ክሓዊ ዘይክእል ቁስሊ ክፍጠር ዝገበረ ስርዓት እዩ። ምስ ማሕበረ-ሰብ ዓለምን ዓበይቲ መንግስታትን ድማ፡ ኣብ ዘይዓቕሙ ናብ ናይ ፕሮፖጋንዳ ጦርነት ተሸሚሙ፡ ውሽጣዊ  ጉዱ ሓቢኡ፡ ተኸላኺሊ ልኣላውነትን ክብረታትን ዜጋታት ኮይኑ ክቐርብ ዘይረብሕ ተዋስኦ እናሰርሐ ዝመጸ እዩ፡፡ ሃገራዊ ቅዋም ዘይመርሖ፡ ሰብኣውን ዲሞክራስያውን መሰላት ህዝብታትና ዓፊኑ፡ ንሃገርና ብመንገዲ ውድቀት እናመርሓ እናሃለወ፡ ከይሓፈረ ተጣባቒ መሰልን ልኣላውነትን ጎረባብቲ ህዝብታት መሲሉ ብምቕራብ፡ መሳርሒ ጥርጡራትን ግሉላትን መንግስታት ብምዃን ዓስቡ እናተቐበለ፡ ንኤርትራ ናይ ግብረ-ሽበራውያንን ጥሩፋትን መሰልጠንን መዋፈርን ገይሩዋ ኣሎ።

ኩነታት ሃገርና ኣብ ትሕቲ ፋሽስታዊ ስርዓት ምሕደራ ህግደፍ፡ በብእዋኑ ናብ ኣዝዩ ዘሰክፍ ኩነታት ኣብ ዘንቆልቁለሉ ዘሎ እዋን፡ መኸተ ሓይሊ ተቓውሞ ምስ'ዚ ዝመጣጠን ዓቕምን ብቕዓትን ዝወነነ ኣይኮነን። ኣብ ሓባራዊ ዕላማታት ሓቢርካን ተኸባቢርካን ብኣድማዕነት ኣብ ምቅላስ ብዙሕ ይተርፎ ኣሎ፡፡ ኩነታት ህዝብታትና ብሓፈሻ፡ ናይ መንእሰያት ኣተሃላልዋ ድማ ብፍላይ፡ ብቐረባ ተኸታቲሉ ኣብ ረብሓ ቃልስን ለውጥን ክወፍሩ ዘኽእል ጥጡሕ ኩነታት ኣይፈጠረን፡፡ ስለዝኾነ'ውን መኸትኡ ኣንጻር'ቲ ስርዓት ክብ ከብል እንተኾይኑ፡ ኣብ ሕቶ ምሕዝነትን ሓድነትን ቅኑዕ ራእይ ክውንን ንተግባራውነቱ ብሓላፍነታዊ መንፈስ ክዓዪ ኣብ ዝባኑ ከቢድ ጾር ተሸኪሙ ይርከብ።

ካብ'ዞም ኣብ ላዕሊ ተቐሚጦም ዘለዉ መሰረታዊ ሓቅታት ብምብጋስ እዞም ዝስዕቡ ዓብይ ቱኽረት ዘድልዮም መደምደምታታት ምቕማጥ ይከኣል።

1. ህዝብታት ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ፋሽስታዊ ስርዓት-ምሕደራ ኢሳይያስ፡ ኣብ ዝባኖም ናይ ብርሰትን ምብትታንን ሓደጋ ኣንጸላልዩዎም ምህላዉን፡ ነዚ ሓደጋ'ዚ ናይ ምዕጻፍ ሓላፍነት ጊዜ ዘይወሃቦን ንኹሉ ሓይሊ ተቓውሞ ብማዕረ ዝብጽሖን ተወሃሂዱ ብሓባር ክቃለሰሉ ዝግባእ ህጹጽ ዕማም ምዃኑ።
2. ኣብ ትሕቲ ፋሽስታዊ ስርዓተ ምሕደራ ህግደፍ መንእሰያትን ደቂ-ኣንስትዮን ሃገርና ቀንዲ ግዳያት ዝኾኑሉ ኩነታት እናሃለወ፡ ኣንጻር'ቲ ስርዓት ኣብ ዝካየድ ዘሎ ተጋድሎ ግን ዓብይ ብኩራት ዘርኣዩሉ ኩነታት ብምህላዉ፡ ህዝብን ሃገርን ካብ ኣንጸላልዩዎም ዘሎ ከቢድ ሓደጋ ብርሰት ንምድሓን ኣብ ዝካየድ ተጋድሎ ተሳትፎኦም ምርግጋጽ መተካእታ ዘይርከቦ ህጹጽ ዕማም ምዃኑ ብምግንዛብ ዓብይ ጻዕሪ  ክካየደሉ ከምዝግባእ።
3. ኣብ ትሕቲ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ፡ ህዝብታት ኤርትራ ብዝተፈላለዩ መልክዓት ዝግለጹ ወጽዓታት ይሳቐዩ ምህላዎም ዘተሓታትት ብዘይምዃኑ፡ ነዞም ወጽዓታት'ዚኦም ንምውጋድ ዝካየድ ተጋድሎ፡ ንሃገራዊ ሓድነት ዘይሃስን ብዙሕነታዊ ኣከዋውናኦም ዘኽበረን ውጽኢታዊ ኣገባብ ውደባን፡ ምስ ህሉው መድረኽ ዝኸይድ ናይ ቃልሲ ስልቲ ምኽታል ከምዝግባእ።
4. ዲሞክራስያዊ ተጋድሎና ንብዙሕነታዊ ኣከዋውና ህዝብታት ኤርትራ፡ ኣብ ጸብጻብ ዘእተወን ውጽኢታውን ክኸውን እንተኾይኑ፡ ህላወ ብዙሓት ሰልፍታት ግድን ምዃኑ፡ እዚ ድማ ካብ ፍልልያት ኣብ ፖሎቲካዊ ኣማራጺታት ዝብገስ ክኸውን ከምዝግባእ፡ ስለዝኾነ'ውን ኣብ መልክዕ ውደባን ዝሓዙዎ ኣማራጺታትን ተመሳሰልቲ ዝኾኑ ሓይልታት፡ ተወዳዳሪ ዓቕምታቶም ንምድልዳልን ደገፍ ሓፋሽ ህዝብታት ንምርካብ፡ ሕቶ ሓድነት ከም ቁልፊ ዕማም ክጽዕቱሉ ዘለዎም ምዃኑ።
5. መጻኢት ዲሞክራስያዊት ሃገርና ናይ ህዝብታት መሰልን ማዕርነትን ዘኽበረላ፡ ድምጺ ህዝቢ ወሳኒ ዝኾነላ፡ ናይ ሰልፍታትን ውድባትን ዲሞክራስያዊ ውድድር፡ ከም ባህሊ እናዓንበበ ዝኸደላ ሃገር ክትከውን እንተኾይና፡ ናይ ዝተፈላለዩ ሓይልታት ርእይቶታት ብነጻ ዝተዋስኡሉ፡ ህዝብታት ኤርትራ ነጻ ክትዕ ኣካይዶም ብድምጾም ደገፎም ዘረጋገጹሉን፡ ብወከልቶም ኣቢሎም ዘጽደቑዎ ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ቅዋም ዝመርሓ ሃገር ክትከውን ከምዝግባእ።
6. ኤርትራ ናይ ብሄራትን ብሄረሰባት ሕብረ-ብሄራዊት ሃገር ምዃና ብምእማን፡ ዝትከል ስርዓት-ምምሕዳር፡ ንህልውና ብሄራት ብሄረ-ሰባትን ሃገርና ኣብ ሓደጋ ዘውደቐ ኢደ-ወነናዊ ኣቀራርጻ ዞባዊ ምምሕዳር ብምፍራስ፡ መሰልን ማዕርነትን ብሄራትን ብሄረሰባትን ኤርትራ ዘጠናኽር፡ ናይ ባዕሎም ዕድል ባዕሎም ናይ ምውሳን መሰሎም ዘኽብርን፡ ዲሞክራስያዊ ሓድነት ህዝብታት ኤርትራ ኣብ ጽኑዕ መሰረት ዝተክል ዘይምእኩል ስርዓት-ምምሕዳር ምቛም፡፡ ኣመንቲ ዝተፈላለዩ ሃይማኖታትን ባህልታትን ዝኾኑ ህዝብታት ኤርትራ፡ ናይ እምነቶም መሰል፣ ነጻነትን ማዕርነትን ተኸቢሩሎም ብሰላም ዝነብሩሉ ሃዋህው ምፍጣር ከምዝግባእ።
7. ዲሞክራስያዊ ተጋድሎና ንያታዊ ሃብታም ባህልታትን ክብረታትን ህዝብታትና ብምዕቃብን ብምሕዳስን ንምምዕባሎም ዝዓይን፡ ንትምክሕታውን ዕዋላውን ባህልታት ህግደፍ ካብ ስሮም ዝምሑ፡ ሃገራዊ ሓድነት ህዝብታት ኤርትራ እናደልደለ ዝኸይድ ክኸውን ከምዝግባእ።
8. ኣብ ትሕቲ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ቁጠባዊ መነባብሮ ህዝብታትና፡ ካብ እዋን ናብ እዋን እናንቆልቆለ ድኽነት ሱር እናሰደደ ብሓደ ወገን፡ ኣዝዮም ውሑዳት ስልጣን ዝሓዙ ሲቭልን ወታሃደራውን ሰበ-ስልጣናት፡ ብዘይ ሕግን ፍትሕን ሚልዮነራት ዝኾኑሉ ኩነታት ብምልዋጥ፡ ናይ መላእ ሕብረተሰብና ፍትሓውን ምዕሩይን ተጠቃምነት ዘረጋግጽ ቁጠባዊ ስትራተጂ ምትካእ፡፡ ኣብ ሓድነት ህዝብታትና ከቢድ ሓደጋ ዘኸትል ኣብ ፍቶት ዘይተሰረተ፡ ምዝንባልን ሰፈራን ዝካየደሉ ኩነታት ብምውጋድ፡ ሰፈራ ኣብ ፍቶትን ድልየትን ሰፈርትን ተቐበልትን ዝተመስረተ፡ ሃገራዊ ሓድነት ህዝብታት ኤርትራ ዘማዕብል ናይ ሰፈራ ፖሊስን ናይ ሕርሻ መሬት ሕግታትን ምኽታል ከም ዝግባእ፡፡

9. ህዝብታት ኤርትራ ኣብ መዋእሎም ርእዮሞ ዘይፈልጡ ከቢድ ዕንወትን ተነጽሎነትን ኣብ ትሕቲ ስርዓት ህግደፍ ኣጋጢሙዎም ብምህላው፡ ነዚ ብምቕያር፡ ምስ ጎረባብቲ ህዝብታትን ሃገራትን ከምኡ'ውን ምስ ማሕበረሰብ ዓለም፡ ኣብ ማዕርነትን ምክብባርን ዝተመስረተ ሓባራዊ ዝምድና ፈጢሮም ብዘይ ዝኾነ ኢ.ድ-ምትእትታው ሰላማውን ጥዑይን ዝምድና ፈጢሮም ክነብሩ ዘኽእል ዲፕሎማስያዊ መርሆ ምኽታል ከምዝግባእ።

ውድብና ሰውራዊ ደሞክራስያው ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ) ካብ ህሉው ኩነታት ሃገርናን ህዝብታትናን ብምብጋስ ዘቐመጦም መሰረታዊ መደምደምታታት ንምዕዋት ዘብቅዑዎ ዝርዝር ፖሎቲካዊ መደብ ዕዮታቱ ኣብ ታሕቲ  ዝተቐመጡ እዮም፡፡

## ህዝባዊ ደሞክራሲያዊ መደብ ዕዮ

### I. ኣብ ፖለቲካዊ መዳይ፡-

#### 1. ፈደራላዊ ደሞክራሲያዊ ስርዓት ምህናጽ

ሀ. ጸረ-ህዝብታት ኤርትራ ንዝኾኑ ፋሽስታዊ ጽግዕተኛ ስርዓት ህግደፍን ተረፍ-መረፍ መስፍንነትን ንምድምሳስን፡ ብዝተፈላለዩ መልክዓት፡ ሃገራዊ ረብሓታት ህዝብታት ኤርትራ ዝጻረሩን ንክብሪ ሃገራዊ ልዑላውነት ኤርትራ ዝዳፍኡ ናይ ወጻኢ ሓይልታት ኢ.ድ ኣእታውነት ንምውጋድን፡ ቃልሲ ምክያድ፡፡

ለ. ናይ ኩሎም ህዝብታት ኤርትራ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላት ዘኽብር ሕብረ-ሰልፋዊ ፈደራላዊ ደሞክራሲያዊ  ስርዓት ንምህናጽን ንምድልዳልን ምቅላስ፡፡

ሐ. ኣብ ክሊ'ዚ ሕብረ-ሰልፋዊ ፈደራላዊ ደሞክራሲያዊ ስርዓት፡ ናይ ህዝብታት ኤርትራ ዘይተኣደለ ሃገራዊ ረብሓታት ዘማልእ፡ ደሞክራሲያዊ ማዕርነትን ሓድነትን ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ኤርትራ ዘረጋግጽ፡ ፈደራላዊ ደሞክራሲያዊ መንግስቲ ምምስራት፡፡

መ. ኩሉ ዓይነት ናይ ገዛእቲ ደርብታት ናይ ጭቆናን ጭፍጨፋን መሓውራት ብምድምሳስ፡ ፖለቲካዊ ስልጣን ሙሉእ ብሙሉእ ኣብ ኢ.ድ ህዝብታት ክኣቱ ምግባር፡፡ ካብ'ቲ ዝተሓተ ቁሸት ጀሚሩ ዓዲ፣ ወረዳ፣ ብሄረ-ሰባውን ብሄራውን፡ ክሳብ'ቲ ዝለዓለ ሃገራዊ ባይቶ፡ ሓፋሽ ህዝቢ ብግልጺ፣ ብደሞክራስያውን፡ ቀጥታዊ ተሳትፎን ብምርጫ ዝውክሎምን ኣብ ዝኾነ እዋን ከውርዶም ዝኽእልን ኣካላት ዝመርሕዎ ስልጣን ምርግጋጽን ምምዕባልን፡፡

ሰ. ቋንቋታት ትግርኛን ዓረብኛን ወግዓዊ ናይ ስራሕ ቋንቋታት ፈደራላዊ ዲሞክራስያዊ መንግስቲ ሃገረ ኤርትራ ንክኾና ምቅላስ፡፡

#### 2. ሰብኣውን ደሞክራሲያውን መሰላት ምርግጋጽ

ሀ. ህዝብታት ኤርትራ ንስትራተጂካውያን ጸላእቶም ሙሉእ ብሙሉእ ክድምስሱን ንዘመዝገብዎም ዲሞክራስያዊ መኽሰባትን ዓወታትን ክዕቅቡን ሓቀኛ ልኡላውነቶም ከረጋግጹን ደሞክራሲያዊ መሰላቶም ብምልኣት ክኽበር ምግባር፡፡ ህዝብታት ኤርትራ ብዘረባ ይኹን ብጽሑፍ ብዘይ ገደብ ሓሳባቶም ክገልጹ፣ ሰላማዊ ሰልፊ ክገብሩ፣ ስራሕ ጠጠው ክብሉ፣ ኣብ ዙርያ ዘዝመሰሎም ኣረኣእያ ብዝተፈላለየ መልክዕ ክውደቡ፣ ካብ ዝተሓተ ክሳብ ዝላዓለ መንግስታዊ ስልጣን፡ ክምረጹን ክመርጹን መሰሎም ሕልው ይኸውን፡፡

ለ. ህዝብታት ኤርትራ፡ ህይወት ህዝባዊ ደሞክራሲያዊ ፖለቲካዊ ስልጣኖም ብቐጻሊ ክከናኸኑን ክቆጻጸሩን ከምኡ'ውን ናይ ምህናጹ ይኹን ናይ ምቕያሩ ወይ'ውን ናይ ምምዕርራዩ መሰልን ሓላፍነትን ይህልዎም፡፡

ሐ. ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ ዜጋ ፖለቲካዊ ርእይትኡ ብዘየገድስ ናይ ሃገረ-ኤርትራ ፓስ-ፖርት ምርካብ፣ ናብ ዝደልዮ ወጻኢ ሃገር ናይ ምንቅስቓስ፡ ናብ ሃገሩ ናይ ምምላስን መሰሉ ሕልው ይኸውን፡፡

መ. ኣብ ፖለቲካዊ ኣረኣእያ፣ ብሄር፣ ዓሌት፣ ዘርኢ(ወለዶ)፣ ኣውራጃ፣ ሃይማኖት፣ ሃብቲ፣ ስልጣንን ጾታን ዝተመስረተ ኣድልዎ ምውጋድ፡፡

ሰ. ኣብ ናይ ጾታ ፍልልይ ዝተመስረተ ናይ መሰል ፍልልይ ብምውጋድ፡ ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ኣብ ፖለቲካዊ፣ ቁጠባዊ፣ ማሕበራውን ባህላውን ዓውድታት፡ ምስ ደቂ ተባዕትዮ ማዕረ መሰል ከም ዝህልወን ምግባር፡፡ ግደ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ኩሉ ሃገራዊ ጉዳያት ልዑል ክኸውን ክድልድልን ዝለዓለ ጻዕርታት ምክያድ፡፡ ነዚ ዝዕንቅፉ ድሑራት ኣረኣእያታትን ተግባራትን ግብራዊ ተሳትፎ ሓፋሽ ከይተፈለዮ ብቐጥታውን ወሳንን ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ንምውጋድ ምቅላስ፡፡

ረ. ናይ ሃይማኖት ናጽነት ንዝኾነ ዜጋ ዝተረጋገጸ ከም ዝኸውን ምግባር፣ ናይ ሃይማኖት ማዕርነት ምኽባር፣ ኣብ ሃይማኖት ዝተደረኸ ዝኾነ መልክዕ ኣፈላላይን ኣድልዎን ከም ዘይህሉ ምግባር። ሃይማኖት ካብ መንግስቲ ከምኡ'ውን መንግስቲ ካብ ሃይማኖት ክፍለዩ ምግባር፡፡ መንግስቲ ይኹን ሃይማኖት ሓደ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ናይ'ቲ ካልእ ኢ.ድ ከየእቱ ምግባር፡፡

ሸ. ናይ ዝኾነ ዜጋ መሰል ህይወት፣ ድሕነትን ናጽነትን ንምርግጋጽ፡ ብዘይ ናይ ቤት ፍርዲ ፍቓድ ዝኾነ ዜጋ ከይእሰርን ገዝኡ ከይፍተሽን ምግባር። ኣብ ልዕሊ ዝኾነ እሱር ዘይ-ሰብኣዊ ምርመራታት ዘይምክያድ። ነጻነት ቤት ፍርዲ ሕልው ኮይኑ ናይ ሓፋሽ ተሳትፎን ምቁጽጻርን ብገምጋም ኣቢሉ ዘይፍለዮ ይኸውን፡፡

#### 3. ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ናይ ባዕሎም ዕድል ባዕሎም ክውስኑ ዘለዎም ሙሉእ መሰል ብረፈረንደም ምርግጋጽ፡-

ሀ. ኣብ ልዕሊ ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ኤርትራ ንዝወርድ ጭቆናን ኣድልዎን ደሞክራሲያዊ ፍታሕ ንምርካብ፣ ጭቁናት ብሄራትን ብሄረሰባትን ኤርትራ፡ ዝኾነ ግዳማዊ ተጽዕኖ ከይተገብረለን መጻኢ ዕድለን ብረፈረንደም ባዕለን ክውስና ምቹእ ባይታ ብምፍጣር ንህዝበ-ውሳኔ ተግባራዊ ንምግባር ምቅላስ፡፡

ለ. ኣብ ደሞክራሲያዊ ማዕርነትን ሙሉእ ዕግበትን ዝተመስረተ ዘላቕነት ዘለዎ ደሞክራሲያዊ ሓድነት ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ክረጋገጽን ክድልድልን ዝኽእል፡ ሓቀኛ ህዝባዊ ደሞክራሲያዊ መንግስቲ ምስ ዝትከል ስለዝኾነ፡ ምእንትኡ ምቅላስ፡፡ ብሄራዊ ትምክሕትን ጽበትን፡ ጸረ ሓቀኛ ደሞክራሲያዊ ሓድነት ም'ዃኖም ብምእማን፡ ኣንጻሮም ዕቱብን ቀጻልን ቃልሲ ምክያድ፡፡

ሐ. ማዕርነታውን ፍቶታውን ሓድነት ህዝብታት ኤርትራ ንምርግጋጽን ንምድልዳልን፡ ገዛእቲ ደርብታት ከምኡ'ውን ሓይልታት በለጽን ምድሕርሓርን ዝጽሕትርዎን ዘባርዕዎን ድሑር ቀቢላዊ፣ ሃይማኖታዊ ብሄራውን ኣውራጃውን ከባብያውን ፍልልያት ሕብረተሰብና፡ ብስነ-ፍልጠታዊ ኣገባብ፡ ብንቑሕን ሰፊሕን ተሳትፎ ሓፋሽ ክውገድ ምቅላስ፡፡

መ. ኩሎም ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ኤርትራ፡ ኣብ ሓባራዊ ሃገራዊ ረብሓታት ዝተመስረተ፡ ሕውነቶምን ፍትሓዊ ማዕርነታዊ ሓድነቶምን ኣረጋጊጾም ብሓደ ሓቢሮም ክነብሩ፡ ውሽጣዊ ጉዳያቶም ዘመሓድርሉ ናይ ርእሰ-ምምሕዳር ነጻነት ክህልዎም ምግባር፡፡

ሰ. ኩሎም ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ኤርትራ ኣብ ምህናጽ ሃገሮም ማዕረ መሰልን ጉቡእን ኣለዎም፡፡ ብሰንኪ ገዛእቲ ደርብታት ዝተፈጠረ ዘይተመጣጠነ ምዕባለ ሕብረተሰብና ደረጃ ብደረጃ ናብ ዝተመጣጠነ ምዕሩይ ማሕበረ-ቁጠባዊ ምዕባለ ንምቕያር ነቶም ኣዐርዮም ዝደሓሩ ብሄራትን ብሄረሰባትን ፍሉይ ት'ኹረት ምሃብ፡፡

ረ. ኩሎም ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ኤርትራ ብቛንቛታቶም ክጥቀሙን ንኽማዕብሉን ምሉእ መሰላቶም ሕልው ይኾውን፡፡ ገስጋሲ ሸነኽ ባህሎምን ልምድታቶምን ብምዕቃብ ንኽምዕብል ምቹእ ኩነታት ምፍጣር፡፡

## 4. ንደሞክራሲያዊ ቅዋም ዝከላኸል ብቑዕ ሰራዊት ምክልኻል ምህናጽ፡-

ሀ. ናይ ገዛእቲ ደርብታት ናይ ዓፈናን ኣድልዎን ወተሃደራዊ ትካላት ሙሉእ ብሙሉእ ምፍራስ፡፡ ንሓቀኛ ልኡላውነትን ክብርን ሃገረ-ኤርትራ ዝከላኸል፡ ንደሞክራሲያዊ ቅዋም ዝሕልውን ንረብሓታት ህዝብታትና ዘኽብር፡ ኣብ ማእቶት ዝሳተፍ፡ ፖለቲካዊ ንቕሓትን ዲሞክራስያዊ ስነ-ስርዓትን ሞራልን ዘለዎ፡ ምዕቡል ዕጥቂ ዝውንን፡ ኣብ ውሽጡ ደሞክራስያዊ ኣሰራርሓን ባህልን ዘለዎ፡ ሓቀኛ ናይ ህዝብታት ኣካል ዝኾነ ሰራዊት ምክልኻል ምህናጽ፡፡

ለ. ሰራዊት ምክልኻል ኤርትራ ኣብ ድልየት ዝተመስረተ ምልመላ ዝኽተል፡ ዝተመጣጠነን ምዕሩይ ብሄራውን ብሄረ-ሰባውን ተሳትፎ ክህልዎ ምግባር፡፡

ሐ. ሰራዊት ምክልኻል ካብ ፖሎቲካዊ ሻርነትን ጸጊዕነትን ነጻ ይኸውን። ኣብ ህዝባዊ ምርጫታት ናይ ምድማጽ መሰል ኣሎዎ። ኣብ ፖሎቲካዊ ስልጣን ንምውድዳር ግን ካብ ሰራዊት ምክልኻል ክሰናበት ይህልዎ።

መ. ህዝቢ ንሓቀኛ ረብሕኡን መሰሉን ንምርግጋጽ፡ ባዕሉ ተዓጢቑ ብቓልሱ ንዘረጋገጾም ደሞክራሲያዊ መኽሰባት ህዝባዊ ደሞክራሲያዊ ቃልሱ ዝከላኸል፡ ሰፊሕ ህዝባዊ መሰረት ዘለዎ፡ ንሰራዊት ምክልኻል ሃገር ዝሕግዝ ሰፊሕ ህዝባዊ ምሊሽያ ምቛም፡፡

### <u>ኣብ ቁጠባዊ መዳይ፡</u>

ሓፈሻዊ ቁጠባዊ መትከላትናን ፖሊሲታትናን ደረጃ ብደረጃ መነባብሮ ህዝብታትና ዘማዕብል፡ ነጻ ሃገራዊ ቁጠባ ምህናጽ ይኸውን።

1. ኩሉ ህግደፍ ዝውንኖ ገንዘብን ንብረትን ተሃጊሩ ንረብሓ ህዝብን ሃገርን ይውዕል።
2. መንግስቲ ህግደፍ ካብ ህዝቢ ዝዘመቶ ገንዘብን ንብረትን ብመጽናዕቲ ናብ ዋናታቱ ይምለስ።
3. ነጻ ዕዳጋን ውድድርን ዘፍቅድ ቁጠባዊ ፖሊሲ ምኽታል። ፌደራላዊ ዲሞክራስያዊ መንግስቲ ኣብ ምርግጋእ ቁጠባ ሃገር፣ ናይ ድኻን ማእከላይ መነባብሮ ዘለዎም ህዝብታትና ረብሓ ዘውሕስን፡ ዝተረጋግአ ስርዓተ ቁጠባ ንምርግጋጽ ብዕቱብነት ናይ ምስራሕ ሓላፍነቱ ዝተሓለወ ይኸውን።
4. ንኤርትራውያን ሰብ ውልቀ ርእሰ-ማል ቀዳምነት ዝህብ ቁጠባዊ ፖሊሲ ምኽታል። ከምኡ'ውን ናይ ወጻኢ ወፍሪ ርእሰ-ማል ምትብባዕን ሕጋዊ ውሕስነት ምርግጋጽን።
5. ዘይምዕሩይን ዘይተመጣጠነን ቁጠባዊ ምዕባለ ንምጽባብ ማሕበራዊ ፍትሒ ዘረጋግጽ ቁጠባዊ ፕሮግራም ምኽታል።
6. መሰል ነበርቲ ዘይግህስ ቁጠባዊ ትሕዝቶኦም ዘየዳኽምን ብሰላም ሓቢርካ ናይ ምንባር መንፈስ ዘማዕብልን ኣብ ዕግበት ዝተሞርከሰ ፕሮግራም ሰፈራ ምኽታልን ምትግባርን።

### 1. <u>ሕርሻ</u>፡-

ሀ. ናይ ገጠርን ከተማን መሬትን ማያዊ ክሊ ኤርትራን ብፌደራላዊ ዲሞክራስያዊ መንግስቲ ዝውነን ናይ ብሄራትን ብሄረሰባትን ህዝብታት ኤርትራ ሓባራዊ ሃብቲ'ዩ፡፡

ለ. ንገባራይ ኤርትራ መሬት ናይ ምርካብ መሰሉ ብሕጊ ውሕስነት ምሃብን ሓይሊ ኣፍራይነቱ ምዕባይ። ከከም ኣድላይነቱ ብናይ ህዝቢ ጠለብ መሰረት ብዝግበር ፍትሓውን ማዕርነታውን ናይ መሬት ምድልዳል፡ ምክያድ፡፡ ናይ መሬት ምድልዳል ፖሊሲ ንገባራይ ኤርትራ፡ መሬቱ ብግቡእ ከደንፍዕ፣ ክዕቅብን ክከናኸንን ዘተባብዕ ክኸውን ምግባር፡፡ መሬት ኣብ ገጠር ይኹን ኣብ ከተማ ኣይሽየጥን ኣይልወጥን፡፡ ገባር ብነጻ ንዝተዓደሎ

መሬት ከም ድላዩ ሓሪሱ ክጥቀም፣ ከካርዮን ንቐጻሊ ናይ መሬት ምድልዳል ብዘይዕንቅፍ መንገዲ ብሕጊ መሰረት ከውርስን ይኽእል፡፡

ሐ. ሓፋሽ ገባራይ ናይ ዘፍረዮ ፍርያት ሙሉእ ብሙሉእ ነጻ ተጠቃማይ ክኸውንን ፍርያቱ ክቆጻጸርን ክኽእል ምግባር፡፡ ገባራይ ፍርያቱ ናብ ነጻ ዕዳጋ ናይ ምሻጥን ምልዋጥን ካብ እንዱስትሪያላዊ ፍርያት ዘድልዮ ሃለኽቲ ኣቕሑት ናይ ምግዛእን ዝተማልአ መሰሉ ሕልው ይኸውን፡፡ ንኣፍራይ ዓቕሙ ብዘየማዕብል ልዕሊ ዓቕሙ ግብርን ቀረጽን ዝኣምሰሉ ከይምዝመዝ ምግባር፡፡ ገባራይ ምህርቱ ንምኽዕባት ኣብ ነጻ ድሌቱ ዝተመስረተ ተራድኦታት ክቑውም ምትብባዕ፡፡

መ. ገባራት ኤርትራ ነብሶም ዝኽእሉሉ ኣገባብ ብምኽታል ናይ መነባብሮኦም ጸገማት ንምቅላል ዘኽእል ምቹእ ኩነታት ንምፍጣር፡ ምስ ዘመናዊ ናውቲ ማእቶት ክላለዩን ናይ ክኢላታት ሓገዝ ክረኽቡ ምግባር፡፡ ከምኡ'ውን ሓጽብታት፣ ራህያታትን ዒላታታትን እናገደቡን እናኾዓቱን መስኖታት ክጥቀሙን ባህሊ ዕቀባ ሓመድን ማይን ከማዕብሉ፡ ጸረ-ባልዕ መድሃኒታት ክረኽቡን እንስሳታት ብግቡእ ክከናኽኑን ብግቡእ ክጥቀሙን ኩሉ ሸነኻዊ ጻዕርታት ምክያድ፡፡

ሰ. ሕርሻን ኢንዱስትሪን ነንሕድሕዶም ብምምግጋብ ተደጋጊፎምን ተኣሳሲሮምን ክሽዱ ብምግባር፡ ኢንዱስትሪ ንሕርሻ ዘድሊ መሳርሒታት ክቕርብ፡ ሕርሻ ድማ ንኢንዱስትሪ ዝኸውን ጥረ ነገራት ክቕርብ ብምግባር፡ ሃገራዊ ቁጠባዊ ነጻነትን ዕቤትን ከረጋግጽ ብዘኽእል ኣንፈት ክምራሕ ምግባር፡፡

ረ. ሰበኽ-ሳግም ኤርትራ ካብ'ቲ ዝነብርዎ ዘለዉ ናይ ከርተት ድሑር መነባብሮ ተናጊፎም ናብ ዝማዕበለ መነባብሮ ዝሰጋገሩሉ፡ ብናታቶም ዕግበትን ተሳትፎን ኣብ ቀዋሚ መነባብሮ ክጣየሹ ምግባር፡፡

ሸ. እንስሳታት ዘገዳምን ኣግራብን ኣብ ትሕቲ ፌደራላዊ ዲሞክራስያዊ መንግስቲ ኮይኖም ከይበርሱ ምክንኻን፡፡ በቲ ዝድለ ዓይነትን መጠንን ንክምዕብል ዘድሊ ክንክንን ሓለዋን ብተሳትፎ ሓፋሽ ክግበር'ውን ምቅላስ፡፡ ናይ ምግራብ መደባት ምስፍሕፋሕ፡፡

2. <u>ኢንዱስትሪ</u>፡-

ሀ. ፌደራላዊ ዲሞክራስያዊ መንግስቲ ንምዕሩይ ሃገራዊ ልምዓትን ሃገራዊ ርእሰማል ምውህላልን ብዘገልግል ኣገባብ ኣብ ኢንዱስትሪያዊ መዳይ ዕዙዝ ተሳትፎ ክህልዎ ምግባር፡፡

ለ. ንናይ ሓፋሽ ህዝብታት ኤርትራ ሃገራዊ ረብሓታትን ሃገራዊ ቁጠባዊ ዕብየትን ብዘገልግል መንገዲ ኣብ ምንጭታት ጸዓትን ዓበይቲ ናይ መራኸቢ ማእከላትን ኣብ ዓበይቲ ኢንዱስትሪን ኣብ ዕደናን ፌደራላዊ ዲሞክራስያዊ መንግስቲ ብዝውስኖ መንገዲ ሰብ ብሕቲ ርእሰ-ማል ምስ ፌደራላዊ ዲሞክራስያዊ መንግስቲ ኣብ ፍትሓዊ ሽርክነት ክኣትዉ ምፍቃድ፡፡

ሐ. ናይ ሰብ ብሕቲ ርእሰ-ማል ምስፍሕፋሕ ወፍሪ ርእሰ-ሰማል(ኢንቨስትመንት) ኣብ ሃገርና ዝተመጣጠነ ምዕባለ ኣብ ምምጻእን ብሃገር ደረጃ ዝተኣሳሰረ ቁጠባ ኣብ ምዝርጋሕን ዘለዎ ዕዙዝ ተራ ብምርዳእ፡ ንሰብ ብሕቲ ርእሰ-ማል ኣብ ህንጻ፡ ኣብ ናእሽቱን ማእከሎትን ዓበይትን እንዱስትሪታት ብስፍሓት ክሳተፉ ብፌደራላዊ ዲሞክራስያዊ መንግስቲ ሙሉእ ብሙሉእ ምትብባዕን ምድግጋፍን ምግባር፡፡

መ. መሰረታዊ ዕላማ ናይ ሃገራዊ ቁጠባ ናይ ሓፋሽ መነባብሮ ደረጃ ብደረጃ ምምሕያሽ ስለዝኾነ፡ ኣብ ናይ ፌደራላዊ ዲሞክራስያዊ መንግስቲ ቁጠባዊ ትካላት ዝሰርሑ ሓፋሽ ሸቃሎ፡ ሃገራዊ ቁጠባዊ ትልሚ ኣብ ምውጻእን ኣብ ምምሕዳርን ምቁጽጻርን ናይ ዘፍርይዎ ፍርያት፡ ኩሉ ሸነኻዊ ንጡፍ ደሞክራሲያዊ ተሳትፎ ይህልዎም፡፡

ሰ. ናይ ፌደራላዊ ዲሞክራስያዊ መንግስቲ ቁጠባዊ ትካላት ንቁጠባዊ ውድድር ዝበቅዕን ንዕቤት ሃገራዊ ቁጠባ ብዘገልግል ምዕቡል ሃገራዊ ርእሰ-ማል ምውህላል ብዘኽእል ኣገባብ፡ ብሕጊ ናጻ ዕዳጋ ይምራሕ፡፡ ፌደራላዊ ዲሞክራስያዊ መንግስቲ ኣብ ምርግጋእ ዕዳጋ፡ መነባብሮ ድኻታትን ማእከሎዎት ዜጋታት ኣብ ምሕያል ቱኹረት ሂቡ ይሰርሕ።

ረ. ናይ ሃገርና ቁጠባዊ ናጽነት ንምሕያልን ናይ ህዝብታትና መነባብሮ ደረጃ ብደረጃ ንምምሕያሽን ብዘኽእል ኣገባብ፡ ንሰብ ብሕቲ ርእሰ-ማል ኣብ ኩሉ ቁጠባዊ ጨንፈራት ብዘይ ዝኾነ ናይ ካፒታል ደረት ክንዲ ዝኽእልዎ ርእሰማ-ሎም ከዋፍሩ ሰፊሕ ዕድል ምሃብ፡፡ ብዘይ ብቑዕ ካሕሳ ከይህገር ዘተኣማምን ሕጋዊ ውሕስነት ምሃብ፡፡ ሰብ ብሕቲ ርእሰ-ማል ኣብ ዝሳተፉሉ ቁጠባዊ ዓውድታት ንደቂ ሃገር ሰብ ውልቀ ርእሰ-ማል ቀዳምነት ምሃብ፡፡ ኣብ ናይ ሰብ ውልቀ ርእሰ-ማል ቁጠባዊ ትካላት ዝሰርሑ ሸቃሎ፡ ብዘይካ ትልሚ ኣብ ምውጻእን ኣብ ምምሕዳርን ምቁጽጻርን ኣብ'ቲ ካልእ ብሕጊ ዝተፈቐደ ሙሉእ መሰላቶም ይኽበር፡፡

ሸ. ናይ ወጻኢ ርእሰ-ማል ኣብ ቁጠባዊ ዓውድታት በይኑ ወይ ምስ ፌደራላዊ ዲሞክራስያዊ መንግስቲ ወይ'ውን ምስ ደቂ ሃገር ሰብ ውልቀ ርእሰ-ማል ብምሽራኽ ኣብ ኤርትራ ርእሰ-ማሎም ከዋፍሩ ምፍቃድ፡፡

ቀ. ኣብ ትሕቲ መንግስቲ ህግደፍ ተሃጊሮም ብኡኡ ክዋፈሩ ዝጸንሑ ትካላት፡ ከከም ኣድላይነቱ ሸቃሎ ብተራድኦ ክጥቀሙሎም ወይ ንሰብ ብሕቲ ርእሰማል ተኻርዮም ከንቀሳቕስዎም ወይ'ውን ክሽየጠሎም ይከኣል፡፡

3. <u>ፍርያት ኢደ ጥበብ ምምዕባል</u>፡-

ሀ. ኣብ'ዚ መዋእል'ዚ ኢደ ጥበብ ናብ ዘበናዊ ኢንዱስትሪ ክምዕብል'ኳ ዘይክእል እንተኾነ፡ ክሳብ ብዘመናዊ ኢንዱስትሪ ተተኪኡ ኣድላይነቱ ዘብቅዕ፡ ንቁጠባዊ ኣገልግሎት ኢደ-ጥበባዊ ፍርያት ብዝለዓለ ደረጅኡ ንምጥቃም ኣብ ክሊ ድሩትነት ንክምዕብል ፍርያቱ ንክዓብይን ክመሓየሽን ምቅላስ፡፡

ለ. ኢደ-ጥበባዊ ፍርያት ንሓፋሽ ገባራይ ብፍላይ፡ ከምኡ'ውን ንትሑት መነባብሮ ዘለዎ ሓፋሽ ከተመኛ ብሓፈሻ፡ ዝህቦ ኣገልግሎት ቀሊል ከም ዘይኮነ ብምስትውዓል ኣድላይ ደገፋትን ምትብባዕን ይግበረሉ፡፡

ሐ. ኢደ-ጥበበኛታት ኣብ ናታቶም ነጻ ድልየትን ምትብባዕን ዝተመስረተ፣ ብተራድኦታት ክውደቡን ዓቕሚ ኣፍራይነቶም ብምሽዕባት፣ ኣብ መነባብሮኦም ነብሶም ክኽእሉን ኣብ ሃገራዊ ቁጠባ ብሓፈሻ፣ ኣብ ሕርሻ ድማ ብፍላይ ግቡእ ኣስተዋጽኦኦም ንክበርክቱ ምቕላስ፡፡
መ. ኣብ ልዕሊ ኢደ-ጥበበኛታት ዝጸንሐን ዘሎን ድሑር ሕብረተ-ሰብኣዊ እምነታት ንክውገድ ኣበርቲዕካ ምቕላስ፡፡

## 4. ንግዲ፡-

ሀ. ናይ ወጻእን ኣታውን ንግዲ ናይ ሰፊሕ ሓፋሽ ህዝብታት ኤርትራ መሰረታዊ ጠለባት ንምምላእ ይኸውን፡፡ ንግዳዊ ምንቅስቓሳት ኤርትራ ናይ ውሽጢ ሃገር ዕዳጋታት ዘስፍሕን ናይ ሰደድ ንግዲ ዘጎልብትን ንክኸውን ምቕላስ፡፡
ለ. ናይ ንግዲ ምንቅስቓሳት፣ ናይ ሕብረተሰብና ጥቕሚ ንምሕላውን ናይ ዕዳጋታት ምርግጋእ ንምፍጣርን ፌደራላዊ ዲሞክራስያዊ መንግስቲ ኣድለይቲ ዝኾኑ ፖሊሲታትን ኣሰራርሓታትን ብምውጻእ ክቆጻጸሮ ምግባር፡፡
ሐ. ኣብ ናይ ምምጻእን ሰደድን (Import and Export)) ንግዳዊ ምንቅስቓሳት ንዝተዋፈሩ ሰብ ብሕቲ ርእሰ-ማል ንግዳዊ ተራድኦታትን፣ ርእሰ-ማሎም ከዋፍሩ ፌደራላዊ ዲሞክራስያዊ መንግስቲ ብዘይ ዝኾነ ናይ ካፒታል ደረት ኩሉ-መዳያዊ ደገፋትን ምትብባዕን ክህብ ምግባር፡፡ ብዘይ ብቑዕ ካሕሳ ከይህገር ዘተኣማምን ሕጋዊ ውሕስነት ምሃብ፡፡ ንደቂ ሃገር ሰብ ውልቀ ርእሰ-ማል ቀዳምነት ምሃብ፡፡
መ. ንግዳዊ ምንቅስቓሳት ንምዕባይን ንምስፋሕን ናይ ምድርን ባሕርን ኣየርን መጎዓዝያታትን መራኸቢታትን ምዝርጋሕን ምምዕባልን፡፡
ሰ. ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ኣብ ሓባራዊ ምድግጋፍ ዝተመስረተ ንግዳዊ ርኽክባት ምምዕባል፡፡
ረ. ህዝብታትና ኣብ ነጻ ድልየቶምን ውሳኔኦምን ዝተመስረተ፣ ምህርቶም ኣብ ዘፍርይሉ ከባቢታት ክሸጡን ዘድልዮም ሃለኸቲ ኣቑሑት ክገዝኡን ዝኽእሉሉ፣ ናይ ዕዳጋ ቦታታት ኣብ ምስፋሕን ናይ ንግዲ ተራድኦታት ንኽምስርቱን ብፌደራዊ ዲሞክራስያዊ መንግስቲ ክሕገዙን ክተባባዑን ምግባር፡፡
ሸ. ብዘይ ሕጋዊ መንገዲ(ብኮትሮባንድ) ዝኣቱን ዝወጽእን ሸቐጣት ኣጥቢቕካ ንምቁጽጻር ዘኽእል ስጉምትታት ምውሳድ፡፡ ሓፋሽ ጸረ-ረብሓኡ ምኻኑ ተረዲኡን ዓቒቡን ናይ ምቁጽጻር ተሳትፎኡ ከዕዝዝ ምግባር፡፡

## 5. ገንዘብ፡-

ሀ. ገንዘብ ኣብ ትሕቲ ሙሉእ ምቁጽጻር መንግስቲ ይኸውን፡፡
ለ. ገንዘባዊ ትካላት(ባንክታት) ምምስራት፣ ንፌደራላዊ ዲሞክራስያዊ መንግስትን ንደቂ ሃገር ሰብ ብሕቲ ርእሰ-ማልን ጥራሕ ዝፍቀድ ይኸውን፡፡
ሐ. ፋይናንሳዊ(ገንዘባዊ) ትካላት ከስፋሕፍሑን ክምዕብሉን ምግባር፡፡

## 6. ናይ ከተማ መሬትን ኣባይትን፡-

ሀ. ከም'ቲ ኩሉ መሬት፣ ናይ ከተማ መሬት'ውን ብፌደራላዊ ዲሞክራስያዊ መንግስቲ ዝውነን ናይ ህዝብታት ኤርትራ ሓባራዊ ሃብቲ'ዩ፡፡ ናይ ከተማ መሬት ኣይሸየጥን ኣይልወጥን፡፡ ጸረ ህዝብን ጸረ ሰውራን ገዛእቲ ደርብታት ስልጣኖም ተጠቂሞም ብዘይ ኣገባብ ብናይ ህዝብን ሃገርን ሃብቲ ዘጥረይዎ ገዛውቲ፣ ንብረትን ሃብትን ይህገር፡፡
ለ. ዝኾነ ኤርትራዊ ዜጋ ናይ መሬት ክራይ እናኸፈለ ገዛውቲ ክሰርሕ ይኽእል፡፡ ኣብ ልዕሊ መሬት ንዘሎ ገዛውቲ ከም ንብረቱ መጠን ክካሪ፣ ክሸይጥ፣ ክለውጥን ከውርስን ይኽእል፡፡
ሐ. ናይ ገዛውቲ ሕጽረት ንምቕላልን ናይ መሬት ጽበት ንምውጋድን ብዘኽእል ኣገባብ፣ ብዘመናዊ ቅዲ (ዲዛይን) ምስ ናይ ሓፋሽ ከተመኛ መነባብሮ ብዝጠዓዓም መንገዲ፣ ብመንግስቲ ናይ ቁጠባ ኣባይቲ ክስራሕን ክካረይን ምግባር፡፡ ሓፋሽ ብተራድኦታት ናይ ቁጠባ ገዛውቲ ክሰርሕ ብፌደራላዊ ዲሞክራስያዊ መንግስቲ ኣድላይ ሓገዛትን ምትብባዕን ይግበረሉ፡፡
መ. ዘመናዊ ቅዲ ከተማታት ብዝሓለወ ኣገባብ ሰብ ውልቀ ርእሰ-ማል ሃገራውያንን ወጻእተኛታትን ገዛውቲ ክሰርሑን ክካርዩን ክሸጡን ፍቑድ ይኸውን፡፡
ሰ. ዕብየት ከተማታት ንምስፍሕፋሕ ኣብ ዝግበር ወፍሪ ካብ መሬቶምን መነባብሮኦምን ንዝፈናቐሉ ተቐማጦ መንግስቲ መተካእታ መሬትን ካሕሳን ልቓሕን ብቐዳምነት ናይ ምሃብ ግዴታ ኣሎዎ።

## 7. ሃብቲ ባሕሪ፡-

ሀ. ሃብቲ ባሕሪ ምሉእ ብሙሉእ ኣብ ረብሓ ሃገርን ዜጋታቱን ንምውዓል ቀጻሊ ጻዕርታት ምክያድ። ቀንዲ መነባብሮኦም ኣብ ሃብቲ ባሕሪ ዝኾኑ ኣካላት ሕብረተሰብና፣ ናብርኦም ደረጃ ብደረጃ እናተማሓየሸ ዝኸደሉ ኩነታት ንምፍጣር፣ ብመንግስቲ ኣድላይ ዘበለ ደገፋት ክግበረሎም ምቕላስ፡፡
ለ. ዓቕሚ ኣፍራይነቶም ክብ ንምባል፣ ኣብ ዕግበቶም ዝተመስረተ፣ ብማሕበር ተወዲቦም ንክንቀሳቐሱ፣ ኣድለይቲ መሳርሒታት ዝረኽቡሉ፣ እቶቶም ንምድንፋዕን፣ ፍርያቶም ዝሸጡሉ ዕድላት ንምስፋሕን መንግስቲ ኣድላይ ምትሕብባር ክገብረሎም ምቕላስ፡፡

ሐ. ሃገራውያን ሰብ ብሕቲ-ርእሰማል፡ ኣብ ሃብቲ ባሕርና ገንዘቦም ብምውፋር፡ ንባዕሎምን ሃገሮምን ዝጠቕሙሉ ኩነታት ምፍጣርን ኣድላይ ደገፍ ምግባር፡፡ ንደቂ ሃገር ሰብ ብሕቲ ርእሰ-ማል ቀዳምነት ምሃብ፡፡
መ. ባህርያዊ ጽርየት ሃብቲ ባሕርና ንምሕላው ካብ ብከላ ምክልኻል፡፡
ሰ. ሃብቲ ባሕርናን ጸጋታቱን፡ ናይ ቱሪዝም ኢንዱስትሪ ኣብ ምዕባይ ግደኡ ንክጻወት ጻዕርታት ምክያድ፡፡
ረ. ወደባት ኤርትራ ንጥቕሚ ሃገርን ህዝብን ብዝውዕል መንገዲ ምምዕባልን ምግልጋልን።
ሸ. ሃብቲ ባሕርና መሊኡ፡ ናብ ረብሓ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ንክውዕል ቀጻልን ዓሚቕን መጽናዕቲ ምክያድ፡፡

8. **ቱሪዝም፡-**
ሀ. ናይ ብሄራትን ብሄረሰባትን ኤርትራ ባህልታትን ጸጋታትን፡ ኩሎም ዜጋታት ኤርትራ ክፈልጥዎም ብምግባር ውሽጣዊ ቱሪዝም ምትብባዕ፡፡
ለ. ሃገራዊ ቅርስታትን ታሪኻዊ ቦታታትን ምዕቃብን ምክንኻንን፡ ማእከላት ቱሪዝም ምምዕባልን፡፡
ሐ. ሃገራውያን ሰብ ብሕቲ-ርእሰማል ኣብ ኤርትራ ቱሪዝም ንምስፍሕፋሕን ንምምዕባልን ተሳትፎኦም ንክረጋገጹ ምትብባዕ፡፡
መ. ናይ ወጻኢ ቱሪስትታት ንምስሓብ፡ ፌደራላዊ ዲሞክራስያዊ መንግስትን ሰብ ብሕቲ ርእሰማል ደቂ ሃገርን፡ ሃገራዊ ቅርስታትን ታሪኻዊ ቦታታትን ማእከላት ቱሪዝምን ኤርትራ ኣብ ወጻኢ ክፍለጡ ቀጻሊ ጻዕርታት ምክያድ፡፡

## II. ማሕበራዊ መዳይ፡

### 1. ብሰንኪ ገዛእቲ ደርብታት ዝወረዱ ዘይተኣደኑ ማሕበራዊ ሽግራት ህዝብታትና ብምውጋድ ማሕበራዊ መሰላት ምሕላው፡-

ሀ. ኩሉ ክሰርሕ ዝኽእል ኤርትራዊ ዜጋ ስራሕ ናይ ምርካብ መሰሉ ሕልው ይኸውን፡፡ ንክሰርሑ ዓቕሚ ዘለዎም ዜጋታት ብዘይ ዝኾነ መልክዓት ኣድልዎ ስራሕ ክረኽቡ ዝኽእልሉ ምቹእ ኩነታት ንምፍጣር ምጽዓር፡፡
ለ. ንሽቅለት-ኣልቦነት፣ ምንዝርና፣ ካልእ ማሕበራዊ ነውርታትን ንምውጋድ ኩሉ ሸነኻዊ ጻዕርታት ምክያድ፣ ብንቑሕ ተሳትፎ ሓፋሽ ጸረ-ኤድስ ማእከላት ንምዝርጋሕ ምትብባዕ፡፡
ሐ. ናይ ሰራሕተኛታት ዝተሓተ ደሞዝ ብሕጊ ክውሰንን ናይ ደሞዝ ወሰኽ መሰል ክኸበርን ምግባር፡፡ ናይ ሰራሕተኛታት ግቡእ ናይ ስራሕ ሰዓታት 8(ሸሞንተ) ሰዓት ክኸውን፡፡ ብዝኸፈል ደሞዝ ሰሙናውን ዓመታውን ናይ ሰራሕተኛታት ዕረፍቲ ብሕጊ ክኽበር ምግባር፡፡ ንመሰል ሰራሕተኛታት ዝጣበቕ ሕግን ናይ ሞያ ውደባታትን ክህሉ ምግባር፡፡ ናይ ስራሕ ሰዓታትን ናይ ዝተሓተ ደሞዝ መጠን ብዘይ-ምቁራጽ እናተማሓየሸ ክኸይድ ምግባር፡፡ ናይ ሰራሕተኛታት ማሕበራዊ ድሕነት ብሕጊ ሕልው ክኸውን ምግባር፡፡
መ. ሰራሕተኛታት ደቂ ኣንስተዮ ምስ ሰራሕተኛታት ደቂ ተባዕትዮ ንማዕረ ስራሕ ማዕረ ደሞዝ ክኽፈላ ምግባር፡፡ ሰራሕተኛታት ደቂ ኣንስተዮ ንጥዕንኦን ኣብ ዝጎድእ ስራሕ ከይሳተፋ ምግባር፣ ናይ ወሊድ ዕረፍቲ መሰለን ብሕጊ ዝተሓለወ ኮይኑ ወርሓዊ ደሞዘን ይኽፈላ፡፡
ሰ. ትሕቲ ዕድመ ዝኾኑ(ዘይባጽሑ) ህጻናት ንጥዕንኦም ኣብ ዝጎድእን ኣብ ሕሱር ሸቕለትን ካብ ምውፋር ንምክልኻል ምጽዓርን መሰሎም ሕልው ክኸውን ምቅላስ፡፡
ረ. ናይ ኣዴታትን ህጻናትን መሰል ሕልው ይኸውን፡፡ መዋእለ-ህጻናት ብምስፍሕፋሕ፡ ህጻናት ናይ ትምህርቲ ኣገልግሎት ክረኽቡን ጽቡቕ ክንክን ክግበረሎምን ምጽዓር፡፡
ሸ. ዓቕሚ ፌደራላዊ ዲሞክራስያዊ መንግስትን ሕብረተሰብን ብዘፍቅዶ መሰረት ንስድራ ስውኣትን ናይ ሓርነት ውጉኣትን ከምኡ'ውን ንኩሎም ማሕበራዊ ረድኤት ዘድልዮም ዜጋታት ዝከናኸን ትካል ክቖውም ምግባር፡፡ ኣካለ ስንኩላን ብዓቕሞም ክሰርሑን ኣፍረይቲ ክኾኑን ምቹእ ኩነታት ምፍጣር፡፡
ቀ. ናይ ጡሮታ መሰል ዝተሓለወ ይኸውን።
ቐ. ስደተኛታት ኤርትራውያን ናብ ሃገሮም ብድልየቶም ዝምለሱሉን ዝጣየሹሉን ምቹእ ኩነታት ምፍጣር፡፡

### 2. ዲሞክራስያዊ ስርዓት ትምህርቲ ምህናጽ፡-

ሀ. ኣብ ረብሓታት ሰፊሕ ሓፋሽ ህዝብታት ዝተሞርኮሰ ምስ ማእቶት ዝተኣሳሰረን ንጽግዕተኛነትን ተጸባይነትን ዘወግድ ነጻ ናይ ትምህርቲ ኣገልግሎት ንኹሉ ዜጋ ክወሃብ ዘይተቐጠበ ጻዕሪ ምግባር፡፡ ንህዝብን ሃገርን ኤርትራ ነጻነትን ምዕብልናን ዘገልግል ክኸውን ምግባር፡፡ መሃይምነት ንምጥፋእ ሰፊሕ ናይ ትምህርቲ ወፈራ ኣብ ህዝብታት ምክያድ፡፡
ለ. ኣብ ኤርትራ ሰነ ፍልጠትን ቴክኖሎጂን ንረብሓታት ሓፋሽ ብዝውዕል መንገዲ ክተኣታቶን ክምዕብልን ምግባር፡፡
ሐ. ትምህርቲ ማዕርነት ብሄራትን ብሄረሰባትን ኣብ ግምት ዘእተወ ኮይኑ ነቶም ቅድሚ ሕጂ ኣብ ዝሓለፉ ስርዓታት እኹል ዕድል ናይ ትምህርቲ ዘይረኸቡ ከባብታትን ደቂ-ኣንስተዮን ብፍሉይነት፡ ኣዎንታዊ ተግባር ምዝውታር።
መ. ቀዳማይ ደረጃ ትምህርቲ ንኹሉ ዜጋ ግድን ኮይኑ ክሳብ 2ይ ደረጃ ንኹሉ ዜጋ ብነጻ ከም ዝወሃብ ምግባር።
ሰ. ሃገራዊ ስርዓት ትምህርቲ ካብ ሃይማኖት ነጻ ክኸውን ምግባር። ሃይማኖታዊ ትምህርቲ ኣብ ሃይማኖታዊ ቦታታት ጥራሕ ይወሃብ።

**3. ህዝባዊ ናይ ጥዕና ኣገልግሎት ንሓፋሽ ህዝብታት ምሃብ፡-**

ሀ. ሓፋሽ ካብ ተላገብቲ ሕማማት ምእንቲ ክድሕን መባእታዊ ናይ ምክልኻልን፡ ጽሬት ከባቢኡ ናይ ምሕላውን ሰፊሕ ኣፍልጦ ክውንን ምግባር፡፡ ኣንጻር ቀዛፊ ሕማም ኤድስ ከኣ ፍሉይ ምርብራብ ምግባር፡፡ ምክልኻልን ምቁጽጻርን (Prevention and Control) ሕማማት ቀዳምነት ዝሃበ ሕክምናዊ ፖሊሲ ምኽታል፡፡ ብንቑሕ ተሳትፎ ሓፋሽ ለበዳ ኤይድስ ምክልኻልን ጸረ ለበዳ ኤይድስ ማእከላት ንምዝርጋሕ ምትብባዕ።

ለ. ኣብ ኩሉ ከባቢታት ሃገርና ብሓፈሻ፡ ኣብ ገጠራት ኤርትራ ድማ ብፍላይ፡ ኣገልግሎት ጽሩይ ማይ ንምዝርጋሕ ምጽዓር።

ሐ ሓፋሽ ዓቕምታቱን ተበግሶታቱን ኣተሓባቢሩ ብቑዕ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ክረክብ ንምግባር ግቡእ ንጥፈታት ምክያድ፡፡ ቁጠባዊ ዓቕሚ ናይ ሃገርና ብዘፍቅዶ መሰረት ናጻ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ንሓፋሽ ንምሃብ ጻዕርታት ምክያድ፤ እዚ'ውን እናማዕበለ ክኸይድ ምግባር፡፡

መ. ኣገልግሎት ጥዕና ከም መሰረታዊ ህዝባዊ መሰል ምቕባል፡፡ ንኹሉ ዜጋ ንኽባጻሕ ከኣ ምጽዓር። ካብ ዝሓለፉ ስርዓታት ብቑዕ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ንዘይረኸበ ክፉል ሕብረተሰብና ቁጠባዊ ዓቕሚ ሃገር ዘፍቅዶ ፍሉይ ጠመተ ምሃብ።

ሰ. ንባህላዊ ሕክምና ምምዕባልን ብስነ-ፍልጠታዊ መንገዲ ክጥቀሙሉ ምግባርን፡፡

## III. <u>ባህላዊ መዳይ፡-</u>

ሀ- ንዝመሽመሽ መስፍናውን ጽግዕተኛን ጸረ-ሰራሕን ጸረ-ዲሞክራስያዊ ለውጥታትን ዝኾኑ ባህልታትን ልምድታትን ንምውጋድን ንረብሓ ህዝብታትና ዘገልግል ደሞክራሲያውን ምዕቡልን ባህልታት ንምስራጽን ንምምዕባልን ምቅላስ፡፡

ለ. ምጽውዋርን ምክእኣልን ዝመለለይኡ ደሞክራስያዊ ክብረታትን ልምድታትን ክዕምብቡ ምጽዓር። ፍቶታዊ ሓድነት ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ኤርትራ ዘደልድል ባህሊ ምምዕባል፡፡ ጎዳእትን ድሑራትን ባህልታትን ልምድታትን ንምውጋድ ተሪርካ ምቅላስ፡፡ ንምዕቡላት ባህልታትን ልምድታትን ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ኤርትራ ብምዕቃብ ንኽምዕብሉ ምትብባዕ፡፡

ሐ. ኣብ ምዕባለ ባህሊ ርኡይ ግደ ዘለዎም ስነ-ጽሑፋትን ስነ-ጥበባዊ ስርሓትን ክልመዱን ክምዕብሉን ምትብባዕ፡፡

## IV. <u>ወጻኢ ጉዳያት ፖሊሲ፡</u>

**1. ኣብ ነጻ ሃገራዊ ፖለቲካዊ ውሳኔ ዝተሰረተ ፍትሓዊ ናይ ወጻኢ ፖሊሲ ምኽታል፡-**

ሀ. ናይ ሃገርና ናይ ወጻኢ ዝምድና ኣብ ሓባራዊ ረብሓታት፣ ማዕርነት፣ ሕድሕድ ምክብባር፣ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ካልኦት ኢድ ዘይ-ምእታውን ኣብ ሓባራዊ ሰላማዊ ናብራን ዝተሰረተ ይኸውን፡፡

ለ. መሰል ህዝብናን ልዑላውነት ሃገርናን ዘኽብር፡ ኣብ ሕውነትን ሰናይ ጉርብትናን ዝተመርኮሰ፡ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ኢድ-ኣእታውነት ዝወገደ፡ ጎነጻዊ ዝምድናን ውግእን ዝኾነነ፡ ፍልልይ ይኹን ግርጭት ብልዝብን ኣህጉራዊ ሕግን ክፍታሕ ከምዘለዎ ዝኣምን ፖሊሲ ምኽታል።

ሐ. ኣብ ኤርትራ ናይ ዝኾነ ይኹን ናይ ወጻኢ ሓይሊ ወተሃደራዊ መደበራት ምትካል ፈጺሙ ኣይፍቀድን፡፡

መ. ኣብ ልዕልነት ሕግን ተማእዛዝነትን ዝተመርኮሰ ሰብኣዊ መሰላት ዝጣበቕ ዝከላኸልን ናይ ወጻኢ ፖሊሲ ምኽታል።

ሰ. ኣብ ትሕቲ ዓለም-ለኻውነት ዝገዝኦ ክውንነት፡ ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ክህሉ ዝግበኦ ቁጠባውን ማሕበራውን ምትሕብባር ማእከሉ ዝገበረ፡ ኤርትራ ንጡፍ ተራ ትጻወተሉ መንገዲ ምቕያስ።

ረ- ዝምድና ጎረባብቲ ህዝብታት ንምድልዳል ኣብ ሞንጎኦም ነጻ ምንቅስቓስ ህዝቢ፣ ኣገልግሎት፣ ርእሰ-ማልን ኣቑሑትን ከም ዝህሉ ምግባር።

ሸ. ንኹሎም ምእንቲ ደሞክራሲ፣ ማዕርነት፣ ነጻነት፣ ፍትሒ፣ ሰላምን ግስጋሰን ዝቃለሱ ምንቅስቓሳት ዓለም ምድጋፍ፤ ጸረ ኩሉ መልክዓት መግዛእቲ ጸረ-ዓሌትነትን ጸረ-ፋሽስትነትን ንዝቃለሱ ህዝብታትን ሓይልታትን ምድጋፍ፡፡ ብሓፈሽኡ ህዝብታት ኣፍሪቃ፣ ኤስያ፣ ላቲን ኣሜሪካን ካልኦትን ውጹዓት ህዝብታት ዓለምን ዘካይድዎ ቃልሲ ምድጋፍ፡፡